Region Gävleborg
Smittskydd

መስከረም 2024 ዓ.ም

ሰላም!

ሕጂ እቲ ኣንጻር covid-19ን ኢንፍሉዌንዛን ክንክተቡሉ ዘለና ግዜ እዩ። ኣብ ወቕቲ 2024-2025፡ ክልቲኡ ክታበት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓደ እዋን ይቐርብ። ብዛዕባ ክታበት covid-19ን ኢንፍሉዌንዛን ሓበሬታ ክትቅበሉ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ስለዝኣመንና ኢና ንሕብር ዘለና።

Covid-19ን ኢንፍሉዌንዛን ብረስኒ፡ ሰዓልን ቃንዛ ኣካላትን ዝልለዩ ቫይራላዊ ሕማማት እዮም። ተላባዒነቶም ኣዝዩ ልዑል ኮይኑ ገሊኦም በቲ ሕማም ዝልከፉ ድማ ብኸቢድ ክሓሙ ተኽእሎ ኣሎ። ብምኽታብ፡ ካብ ከቢድ ሕማም ጽቡቕ መከላኸሊ ትረክብ - ክትባት ህይወት የድሕን እዩ።

**ኣብ Gävleborg ክታበት ካብ ሰሉስ 15 ጥቅምቲ (ወርሒ 10) 2024 ይጅምር**

ግዜን ቦታን ዝሓዘ ደብዳበ ቅድሚ ሕጂ እንተዘይመጺኡካ፡ ከመይ ከምእትገብር እንሆ:

• ምዝገባ፣ ዳግማይ ምዝገባ፡ ምስራዝ ብዲጂታል ብመንገዲ 1177.se/Gavleborg ክግበር ይከኣል

• ብዘይ ቆጸራውን ምምጻእ ይክኣል እዩ፡ ሰዓታት ኣብ 1177.se/Gavleborg ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም

• ብኽብረትኩም ቆጸራኹም ብ 1177.se/Gavleborg ዳግማይ ምዝገባ ግበሩ ወይ ሰርዙ፣ ካልእ ሰብ ነታ ናይ ቆጸራኹም ግዜ መታን ክጥቀመሉ። ናይ ሞባይል ባንክ መለለዪ መንነት (mobilt bank-id) እንተዘይብልኩም ብስልኪ 026-15 03 00 ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም። ብዙሓት ደወልቲ ስለዘለዉ ነዊሕ ናይ ምጽባይ ግዜ ክህሉ ይኽእል እዩ። ስለዚ ዕድል እንተረኺብኩም ብመጀመርታ ብዲጂታል መንገዲ ምዝገባኹም ክትቅይሩ ንሕብር።

**ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብ ቀውዒ ኣንጻር covid-19 ክትክተቡ ይምከር :**

- ሎሚ ዓመት 65 ዓመት ትመልእ፡ ወይ ድማ ካብኡ ትዓቢ።
- ከቢድ ሕማም ከጋጥመካ ዘኽእል ሕማም ወይ ካልእ ነገር እንተለካ። ሎሚ ዓመት 18 ዓመት ክትመልእ ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ክትከውን ኣለካ።
- 12 ሰሙን ዝሓለፈ ጥንሲ ኣለኪ።

**ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ሓቂ እንተኾይኑ ኣንጻር ኢንፍሉዌንዛ ክትክተብ ይምከር፡**

- ሎሚ ዓመት 65 ዓመት ትመልእ፡ ወይ ድማ ካብኡ ትዓቢ።
- 12 ሰሙን ዝሓለፈ ጥንሲ ኣለኪ።
- ከቢድ ሕማም ከጋጥመካ ዘኽእል ሕማም ወይ ካልእ ነገር እንተለካ። ካብ 6 ወርሒ ዕድመ ጀሚሩ ንኹሉ ይምልከት።
- ምስ ሓደ ኣዝዩ ዝደኸመ ስርዓት ምክልኻል ዘለዎ ሰብ ኢኻ ትነብር።

መን ክኽተብ ከም ዝምከር፡ ዝያዳ ንምንባብ ናብ 1177.se/Gavleborg ተመልከቱ።

ብክትባት ንገዛእ ርእስኹም ክትከላኸሉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም!

ምስ ምውቕ ሰላምታ!
Shah Jalal, smittskyddsläkare (ሓኪም ምቁጽጻር ረኽሲ), ዞባ Gävleborg
Maria Larsson, vaccinsamordnare (ኣተሓባባሪት ክታበት), ዞባ Gävleborg